# ፍልሰታ ለማርያም

## ነሓሰ 16 2016 ዓ. ም. (8/22/2024)



ንባባት፡ 1ቆሮ 15፡20-27፥ ራእ 11፡19-12፡1-6፥ ግ.ሓ. 1፡ 12-15፥ ሉቃ 1፡39-56

ምስባክ፡

1. ወትቀውም ንግስት በየማኒከ፥በአልባሰ ወርቅ ዑጽፍት ወሑብርት፥ስምዒ ወለትዮ ወርኢ ወአጽምዒ እዝንኪ።“ንግስቲ ብወርቂ ተሰሊማ ኣብ የማንካ ትቐውም፥ጓለይ ናብቲ ዝብለኪ ስምዒ ርአዪውን እዝንኺ ኸአ ጽለዊ” መዝ. 45፡9~10።
2. ቀደሰ ማኅደሮ ልዑል፥እግዚአብሔር ውስተ ማእከላ ኢትትሓወክ፥ወይረድአ እግዚአብሔር ፍጽመ።(መዝ. 45፡4 5)

ብዓለ ፍልሰታ ግብሪ ኣምላኽን መልሲ ማርያም ዘፍረዮ ዝተራእዮ ፍጻሜ እዩ።

1. ፍሉይ ቦታ ኣብ ሕይወት ቤተ ክርስትያን ዘለዎ ብዓለ ፍልሰታ ለማርያም ነብዕል ኣሎና። እዚ ፍሉይ ቦታ ዝገልጸ መጀመርያ ኣደ ኢየሱስ ክትከውን ብምምራጻ እታ እንኮ ሰብአዊት ወላዲቱ፥ እዚ ንማንም ኣብዚ ዓለም ዝነብር ዘይተዋህበ ንኣኣ ጥራሕ ዝተዋህበ ካብ ኩሎም ፍጥረት ፍልይቲ ይገብራ።

ብዛዕባ ትንሣኤ ክርስቶስ ክንርኢ ከሎና ኣብ ትርጉም ናይ እቲ ብዓል ብዛዕባ እንታይ ምዃኑ ንርኢ እምበር ኣብቲ ርድኢትና ኣብ ቃል ንቃል ትርጉም ኣይነተኩርን። ኣብ ፍልሰታ ማርያም ከአ ከመይን ምአስን እናበልና ኣይንሓስብን ኣብቲ ቀንዲ ምስጢሩን ዝህበና ጥቕሚ ኣብ ሕይወትን ጥራሕ ነተኩር። ኣብ ማርያም ድሕሪ ሞታ ቀልጢፋ ብሥግአን ብነፍሳን ንሰማይ ፈሊሳ ኢልና ክንዛረብ ከሎና ከም ሰብ ክንርድአ ወይ ክንቅበሎ ቀሊል ኣይኮነን። ብሥግአን ብነፍሳን ንሰማይ ፈሊሳ ኣብቲ ወላዲት ምዃናን ኣብቲ ሕራይ ብምባል ኣብ ኩሉ ደረጃ ዕድሚአ ዘርአየቶ እሽታ ካብ ኩሎም ደቂ ሰብ ምስ ክርስቶስ ምሉእ ሓድነት እንከለዎም ዝሞቱ ቀዳምነት ኣብ ክብሪ ኣምላኽ ከም እትረክብ ይገብራ።

ንሳ ብርግጽ ሰብ እያ ካብ ወዳ ኩሉ ጊዜ ዝተሓተት ንአና ዝቐረበት ፍጥረት እያ። ምሳና ግን እናመርሓትና ኣብ ቅድሚ ቅ. ስላሴ ኣብ ክብሪ ኣምላኽ ደው ተብለና። ወላ ኣብ ግርማ ክብሪ እንከላ እውን ብዝኾነ መገዲ ንስላሴ ዝግባእ ኣምልኾ ኣይውሃባን እዩ። ንሳ እትገብሮ ኣብ ዘድልየና ጊዜ፥ ብሰብኣዊ ጸሎታ ምእንታና ምልማን እዩ። እዚ እዩ ብዙሓት ዘይካቶሊካውያን እቲ ሓቂ ብዘይ ምርዳእ ከምኡ ብዙሓት ካቶሊካውያን እውን ግጉይ ኣገባብ ብምኽታል ነቲ ሓቀኛ እምነት ዘይነቱ ዘልብስዎ።

ኣብ ሓ/ት/ክ ተራ ማርያም ብጽቡቕ ተገሊጹ ንረኽቦ፡ ንፍቓድ እግዚአብሔር ኣቦ ብምልአት ፈጺማ፥ ኣብ ናይ ወዳ ስራሕ ድኅነት ሠሚራ፥ ንኹሉ ናይ መንፈስ ቅዱስ ሕሹኽታ ብምቕባል ድንግል ማርያም ንቤተ ክርስትያን ናይ እምነትን ኣፍቅሮትን ኣብነት እያ። ምእንትዚ ክአ ንሳ ኣዝያ ልዕልትን ብዥልንታኣ ፍልይትን ዝኾነት ኣባል ቤተክርስትያን እያ፥ ብሓቂውን ንሳ ናይ ቤተክርስትያን ፍጽምቲ ኣምሳል ኮነት (ቍ 967)።

ማርያም ኩሉ ጊዜ ኣብ ኣገልግሎት እያ እትርከብ።

2. ናይ ሎሚ ወንጌል ብዛዕባ ማርያም ነታ ብዕድመ ደፊአ ዝነበረት ዘመዳ ኤልሳቤጥ ከም ዝበጽሓታ እሞ ክልቲአን ነፈሰ ጾራት ከም ዝነበራ ዝገልጽ እዩ። ኣብዚ ኩሉ እቲ ብዛዕባ ማርያም ቤተ ክርስትያን እትብሎ ዳርጋ ዝሓዘ እዩ።

መጀመርያ ማርያም ካብ ናዝሬት ናብ ቤት ዝካርያስ ካብ ኢየሩሳሌም ርሑቕ ዘይኮነ ንኤልሳቤጥ ዘመዳ ነፍሰ ጾር ንዮውሃንስ መጥምቕ ዝነበረት ክትበጽሕ ከም ዝኸደት ነንብብ። ማርያም ኣብ እንዳ ዘካርያስ

ክትከይድ እንከላ ኢየሱስ ኣብ ከርሳ ምስአ ነሩ፥ ስለዚ ማርያምን ኢየሱስን እዮም ንኤልሳቤጥን ዮውሓንስን ዝበጽሕዎም ዘለዉ። ኣብዚ እንርእዮ ኢየሱስ ከገልግል ጌና ኣብ ማህጸን ኣዲኡ እንከሎ እዩ ጀሚርዎ። ከምኡ ማርያም ነዚ ትካፈሎ። ኢየሱስን ማርያምን ምስ መጹ እቲ ሕፃን ኣብ ከርሲ ኣዲኡ ብተሓጓስ ተሰራሲሩ።

ኤልሳቤጥ ብመንፈስ ቅዱስ መሊእዋ ብተሓጓስ ክተመስግን ጀሚራ፥ ናይ ማርያምን ወዳን ዕብየት ቀልጢፉ ተረዲእቶ። ንስኺ ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ እቲ ኻባኺ ዝውለድ ሕፃን እውን ዝተባረኸ እዩ (ሉቃ 1፡42)። ብርግጽ ማርያም ካብ ኩሉ ፍልይቲ ዝገብራ ኣደ መድኃኒናን ንጉሥና ክትከውን ብምምራጻ እዩ። ኤልሳቤጥ ኢየሱስን ማርያም ምስ መጽእዋ ብመንፈስ ተላዒላ ከምኡ ዮውሓንስ ወዳ ኣብ ከርሳ እንከሎ ብመንፈስ ቅዱስ ብሓጎስ ተሰራሲሩ። ኤልሳቤጥ ሓጎስን መንፈስ ቅዱስ መሊእዋ ኣደ ጎይታ ናባይ ክትመጺኸ እዚ ኻበይ ኮነለይ እናበለት ምስጋና ዝመልኦ ቃል ተዛሪባ። ነፍሲ ወከፍና ኣብዚ እዋን ኣብዚ ኣብ ቅዳሴ እንከሎና ዝኸውን ነገር እዩ፥ ቃል ኣምላኽ ብምስማዕን ኣብ መአዲ ቅ. ቍርባን ክንካፈል እንከሎና ምሳና ኣሎ፥ ኣብ መንጎና ይርከብ ኣሎ ስለዚ ክንሕጎስን ክነመስግንን ይግብኣና።

ኤልሳቤጥ ፍሉይ ቃለ ምስጋና ንማርያም ኣስሚዓ፥ እቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተነግረኪ ቃል ከም ዝፍጸም ስለ ዝኣመንኪ ብፅዕቲ ኢኺ ኢላታ። እዚ ኣብቲ ካልኦይ ናይ ማርያም እንታይነት ዝገልጽ የምጽኣና። እምነታና ምሉእ ነገራ ኣብ ኣምላኽ ምግባራ እዩ። እዚ ኣብቲ ዘዕረገቶ ጸሎተ ምስጋና ይርኣ። እቲ ዝተባህላ ወላ እኳ ብምልኡ ኣይትረድኦ እምበር ብዘይ ቅድመ ኩነት ብምሉእ ንመደብ ኣምላኽ ክትቅበል ምኺና ገሊጻ። ከም ዝበልካኒ ይኹነለይ በለት።

## ጸሎተ ምስጋና ማርያም ኣብነት ንኹልና እዩ።

3. ድሕሪ እዚ ኩሉ ታራ ማርያም እዩ ዝግለጽ ንኣምላኽ ምምስጋን። ኣብቲ ጸሎተ ምስጋና ማርያም ኢልና እንጽውዖ ቤተ ክርስትያን ኩሉ ጊዜ ኣብ ናይ ምሸት ጸሎት ቅድሚ ውዳሴ ማርያም ናይ ዕለቱ ንደግሞ። ኣብዚ ጸሎተ ምስጋና ንማርያም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ልዕል ዘብላ ብዙሕ ነገራት ንረክብ። ውርደት ባርያኡ ርእዩ እዩ ማርያም ትሕቲ ዘይተመርዓወት ጓል ኣብ ሓንቲ ብዙሕ ዘይትፍለጥ ዓዲ ካብቲ ሮማውያን ዝገዝእዎ ውጽእ ኢላ እትርከብ እያ ትነብር ነራ። ካብ ናዝሬትዶ ገለ ሠናይ ኪርከብ ይክእል እዩ ናትናኣል ንኢየሱስ ኣብ ናዝሬት ከም ዝረኸብዎ ምስ ነገርዎ ዝበሎ። ኣብ ሓዲስ ኪዳን እቲ ዘደንቕን ድንቂ ነገራት ኣብቶም ትሑታትን ዘይዓበይቲ ነገራትን እዩ ራእይ ኣምላኽ ዝርእዮም። ዕብየት ማርያም ካብቲ ኣብ ቅድሚ ሰባት ካብ ዘለዋ ደረጃ ኣይ ኮነን ዝመጽእ፥ እዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓንቲ ጥቕሚ የብሉን። እቶም ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ዝርከብ ኣብ ናይ እዚ ዓለም ነገራት ቀዳምነት ዘይህቡ ኣብኡ እዩ ናይ ኣምላኽ ነገር ዝርአ። ካብ ሕጂ ንድሓር ኩሎም ወለዶ ብፅዕቲ ኺብሉኒ እዮም። እዚ ንትዕቢት ኣይ ኮነን ተባሂሉ እኳ ድአ ኣብ ትሕትና ዝተመስረተ ምስጋና እዩ፥ ብርግጽ ከአ ካብታ ዝተባህለታ ዕለት ንድሓር ብዕሊ ጀሚሩ። ብርግጽ ዝዓበየን ዝበለጸን ጸጋ እዩ ኣደ መድኃኔ ዓለም ክትከውን ከላ። ስለምንታይ ማርያም ተመሪጻ ኢልና ክንሓትት ንኽእል ኢና ማርያም ንርእሳ ነዚ ቀዳመይቲ እትሕቶ እዩ ስለምንታይ ኣነ? ኣምላኽ ስለ ዝደለዮ ጥራሕ እዩ እምበር ብግብራ ወይ እውን ብወለዳ ምኽንያት ዝተዋህባ ኣይኮነን። ዝኾነ ይኹን ማርያም ወላ እውን መልሱ ኣይትፍለጥ ነገር ኣምላኽ ስለ ዝኾነ በቲ ዝተገብረላ ዕብየትን ዝተባህላን ተሓጕሳን ኣመስጊናን።

ካልእ ናይ ማርያም ሕርየት ዝገልጸ ናይ ኣምላኽ ድለት ኣብ ልዕሊ ድኻታት፥ ድኹማት፥ ትሑታት ኣብ ሕብረተ ሰብ፥ ግፉዓትን ማዕረ ዘይርኣዩን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝበለጹ ተቐበልቲ ፍቕሪን ሓልዮትን ምኺኖም ይገልጽ። ማርያም ነዚ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ጸሎተ ምስጋንኣ ትገልጾ፥ ብቅልጽሙ ኃይሊ ገበረ፥ ንእቡያት ሓሳባት ልቦም በተነሎም፥ንኃያላት ካብ ዝፋናቶም ኣውረዶም፥ ንዝተዋረዱ ኸአ ልዕል ኣበሎም፥ ንጥሙያት ብበረኸት ኣጽገቦም፥ ንሃብታማት ጥራይ ኢዶም ሰደዶም።

እቶም ሃብታማትን ሓያላትን አብ ጊዜ ማርያም ዝነበሩ ሕጂ አበለዉ? ብዓልመን እዮምከ? መብዝሕትኡ ጊዜ ካብ ተዘክሮ ጠፊኦም እዮም እታ ንእሽቶይ ጓል ናዝሬት ግን ጌና አብ ምሉእ ዓለም ብኽብሪ ትዝከርን ትኽብርን አላ።

## ዕብየት ማርያም ዝግለጽ አብቲ ዝሃበቶ መልሲ እዩ።

4. ዕብየት ማርያም አብቲ አብ ልዕሊአ ዝወረደ ጸጋን ክብርን ጥራሕ ደው አይ በለን። እዚ ልዕሊ ኩሉ ዝተዋህባ ህያባት እዩ ንሳ ተቐባሊት እምበር ንኽትረኽቦ ኢላ ዝገበረቶ የብላን። ሓደ እዋን አብ ወንጌል ከም እንረኽቦ ሓንቲ ሰበይቲ አብ ምብንን እቲ ህዝቢ ኮይና ነቲ ኩሉ ኢየሱስ ዝገብሮን ዝብሎም ምስ ሰምዐትን ርአየትን እታ ንአኻ ዝጾረት ማኅጸንን ዘጥበዋኻ አጥባትን ብጹአት እየን ኢላቶ። ኢየሱስ ትቕብል አቢሉ ብጹአንስ እቶም ቃል አምላኽ ሰሚዖም ዝፍጽምዎ እዮም ኢልዋ። ብኻልእ አዘራርባ እግዚአብሔር ዝሃበና ጸጋ አይኮነን ዓበይቲ ዝገብረና አገባብ አቀባብላናን አብ ግብሪ ክነውዕሎም እንክሎናን እዩ ዓበይቲ ዝገብረና። አብ ቋንቋና ሎሚ እውን ንብሎ ኢና ንአኻ ዝጾረት ማኅጸን ክንደይ ክብርቲ እያ . . . . እናበልና አድኖቆት ወላዲት በቲ አብ ውሉዳ ዝርአ ግብሪ ነድንቓ። አብዚ ንማርያምን ንዮሴፍን ክንርኢ ከሎና አብ ምድራዊ ሕይወት ኢየሱስ ዝዓበየ ጽልዋ ነርዎም።

ዕብየት ማርያም አደ ኢየሱስ ክትከውን ብምራጻ አይኮነ ንእንታይ ድአ እቲ ምሉእ ብምሉእ ብእምነትን ብምሉእ ሓላፍነትን ነቲ ዝተባህላ ዘስዕቦ ብዘየገድስ ከምዘሎ ብምቕባላ እዩ። ብርግጽ አደ ኢየሱስ ብምዃና እትረኽቦ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ወላ ሓንቲ አፍልጦ አይነበራን። ከምወዳ ንርእሳ ንምሉእ አገልግሎት ወዳ ፍቓደኛ ኮይና፥ ሎሚ ነቲ ዝገበረቶ ካብ ኩሎም ደቂ ሰብ አብ ዝለዓለ ቦታ ተቐሚጣ አብ ሰማይ ዓስባ ናይ ዝተቐበለትሉ ዘኪርና ነብዕል አሎና። እዚ አብታ ቀዳመይቲ ንባብና መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ብተዘዋዋሪ መገዲ ተገሊጹ ንረኽቦ። ጳውሎስ ብዛዕባ ትንሣኤ ክርስቶስ ክዛረብ እንክሎ እቲ ቀንዲ ከምዝኾነ ይዛረብ። ክርስቶስ ካብ ሙታን ተንሥኤ በዚ ኸአ ናይቶም ዝሞቱ በኵሪ ትንሣኤ ኾነ። እናበለ ናይ ክርስቶስ ትንሣኤ ምንጪ ትንሣኤና ከምዝኾነ ይነግረና። ቀጺሉ ከምዚ ይብል፥ ኸምቲ ኵላቶም ብአዳም ዝሞቱ ከምኡ ድማ ኵላቶም ብክርስቶስ ሕያዋን ኪኾኑ እዮም፥ ግናኸ ነፍስወከፍ በብመስርዑ እዩ (1ቆሮ 15፡22)።

## አብ ራእይ ዮውሓንስ እነንብቦ ምዛዕባ ማርያምን ቤተ ክርስትያንን እዩ ዘመልክት።

5. አብ ራእይ ዮውሓንስ ንሎሚ ዘንበብናዮ ከም ሓደ መግለጺ ብዛዕባ ክብሪ ማርያም ገርና ክንርእዮ ንኽእል። መጀመርያ ብዛዕባ ቤተ መቕደስ አምላኽ አብ ሓዳስ ኢየሩሳሌም አብ ውሽጣ ናይ ታቦተ ኪዳን መእተውን ግልጸትን አብ ውሽጣ ይናገር። እታ ቀዳመይቲ ታቦት ጣውላ ብዕንጨይቲ ዝተሰርሐት አብ ውሽጣ ጽላት ትእዛዛት ዝሓዘት አብ ቅድስተ ቅዱሳት ከም ማሕላ አምላኽ ኪዳኑ ምስ ህዝቡ ዝሓዘት እያ። እዚአ አምሳል ቤተ ክርስትያን አብ ሓዲስ ኪዳን ቀዋሚት ማኅደር አምላኽ አብ መንጎ ህዝቡን እያ። እዚ ነዚ ሎም እነብዕሎ ዘሎና ፍልሰታ ማርያም ከስምዕ ይክእል ምኽንያቱ ማርያም ነቲ ሓዲስ ኪዳን ዝገበረ ወሊዳቶ በዚ ምኽንያት ክንጽሊ ኮለና ኦ ጽላተ ኪዳን ንብል።

ቀጺሉ ብዛዕባ ናይ እታ ሰበይቲ ካብ ሰማይ ዝተራእየት ይገልጽ። እዛ ሰበይቲ ተባሂላ ዘላ እስራኤል ካብአ እቲ መስሕ ዝተወለደን እታ ማሕበር አብኡ ዝአመነት የስምዕ። እቲ መግለጺ ብዛዕባ እታ ሰበይቲ ብዙሕ ጊዜ ንማርያም ከምዘመልክት አብ ምስልታትን አሳእልን ንርእዮ። ፀሓይ ዝተወንዘፈት፥ ወርኂ ብእግራ ዝረገጸት፥ ዓሰርተ ክልተ ኽዋኽብቲ ከም አኽሊል አብ ርእሳ ዝደፍአት እናበለ ዝገልጽ ንማርያም የስምዕ።

እታ ሰበይቲ ክገልጻ እንክሎ ጥንስቲ ነበረት ክትሓርስ ቅልውላው ዝሓዛ እያ ነሩ። እዚ ነቲ ድሕሪ ወድቀት ቀዳሞት ወለድና አዳምን ሔዋን ብዛዕባ ምውላድ ሕፃን የዘኻኽረና። እዚ ኻብአ ዝውለድ ሕፃን እቲ መስሕ እዩ ንሱ ጥራሕ መራሒ ናይ እታ ሓዳስ እስራኤል ከምዝኾነ ይነግር። እታ ዝወለደቶ በቲ

ዝወረደ ስደትን ጭቆናን ትሳቐ። ከም ባህሊ እምነት ማርያም ድንግል ቅድምን ድሕርን ምውላዳ እያ እንተ ኾነ እዚ ዝተባህለ ብምልኡ ንማርያም አየስምዕን እዩ።

ቀጺሉ ብዛዕባ እቲ ነቲ ሕጻን ከጥፍእ ዝመጽእ ገበል (ድራጎን) ይዛረብ። እዚ ገበል ነቲ ሕፃን ውልድ ምስ በለ ክበልዖ ይደሊ። ከም ባህሊ አይሁድ ገበል ንሓይሊ ክፍአት ዝውክል፥ ጸረ አምላኽን ህዝቡን እዩ። እቲ “ብጭርኡ ገሩ ሢሶ ከዋኽብቲ ካብ ሰማይ ስሒቡ ናብ ምድሪ ደርበየ” ዝብል ነቶም ንሰይጣን ንአኡ ዝተኸተሉ አጋንንትን ድሕሪ ውድቀቶም ናብ ገሃነም ናይ ዝወረድዎ እዩ ዘስምዕ። እታ ሰበይቲ ዝኾነ ኾይኑ እቲ ሕፃን ተወሊዱ፥ ንሱ ውሉድ ስለ ዝኾነ ንኹሎም አሕዛብ ብበትሪ ሓጺን ኪጓስዮም እዩ። ንሱ እቲ ብተስፋ ዝተጸበይዎ መስሕ እዩ። ውልድ ምስ አበለቶ ሽውንሽው ናብ ሰማይ ተመንጢሉ ኸደ። እዚ ንዕርገትን ዓወትን ናይ እቲ መስሕ ድሕሪ እቲ ስዕረት ገበል ዝኾነ የስምዕ።

ድሕሪዚ እታ ሰበይቲ ናብ ምድረ በዳ ሃደምት ይብል፥ አብ ትውፊት እዚ ዘስምዖ ነቶም ብሰንኪ እምነቶም ዝስደዱ የስምዕ። እታ ሰበይቲ ድማ 1260 መዓልቲ ኪከናኸንዋ ናብቲ አምላኽ ዘዳለወላ ተወስደት፥ እዚ ምስቲ ብእዋኑ ዝነበረ ስደት እምነት የመልክት።

አብዚ ክነስተውዕሎ ዘሎና እቲ ጸሓፋይ ብቐጥታ ብዛዕባ ማርያም አይኮነን ዝዛረብ ዘሎ ንኹሉ ብቐጥታ ንማርያም ዝምልከት እዩ ክንብሎ አይንኽእልን ኢና። እንተ ኾነ ማርያም አደ ኢየሱስ እቲ ብሰውነቱ ናይ አምላኽ ህላዌ አብ መንጎና ከምዝቕጽል እትገልጽ እያ። ማርያም ሕጂ አብ መንበር ክብሪን ብኹሉ ተሸሊማን አብ ቅድሚ ወዳን አብኡን መንፈስ ቅዱስን ትርከብ አላ።

ሎሚ ምስአ ኮና ንሕጎስ አሎና። አብ ዝጸወዓና መዓልቲ ኸአ ምስአ ኮና አብ ክብራ ክንሳተፍ ንትስፎ አሎና። ሎሚ ነፍሲ ወከፍና አብዚ ምድራዊ ጉዕዞ እንከሎና ክትጽልየልና፥ አብ ኩሉ ብእምነትና ጽኑዓት ኮና ክንጉዓዝ፥ እሙናት አርድእቲ ኮና ክነብር ሓግዝና ንበላ። አብ ኩሉ ሕይወትና ንድላይ አምላኽ አለሊና ክንክእል እሞ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ንኹሉ ብአምላኽ ዝመጸና ክንቅበል ሕራይ ክንብል ሓግዝና ንበላ።

ርሑስ ብዓለ ፍልሰታ ለማርያም ናይ ሰላምን ዕርቅን ንኹልና!

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ